



# Orientation to Ontario




1-855-626-0002
https://orientationontario.ca




## ምፍላጥ ዓማዊል (ኣተኩሮ ኣብ ዓማዊል)

### ኣገልግሎታት ቴለፎንን ኢንተርነትን

ኣብ ከተማታት፡ ብዙሕ ኣማራጺታት እዩ ዘሎ። እንተኾነ ቅድሚ ውዕል ምእታውካ፡ ነዞም ኩሎም ኣማራጺታት እዚኣቶም በብሓደ ከምዘጽናዕካዮምን ንዝርዝራዊ ትሕዝቶታት ናይ ዝኾነ ውዕል ብግቡእ ከምዝተረዳእካዮን ርግጸኛ ክትከውን ኣለካ። ነዚ ዝስዕብ ብምግባር ድማ ገንዘብካ ክትቁጥብ ትኽእል:-

- ነቲ እትረኽቦ ኣገልግሎታት ቴለፎን፡ ኢንተርነትን ኬብልን ብጥርኑፍ (ተሓዊሱ) ከምዝቐርበልካ ምግባር።
- ንኣገልግሎት ቴለፎን ውጥናት ስድራቤት ምዕዳግ
- ናይ ነዊሕ ርሕቀትን ናብ ምሉእ ዓለም ዘደዉልን ካርድ ምጥቃም።

ኣብ ገዛ ኣገልግሎት ኢንተርነት እንተዘይብልካ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ግምት ኣእትዎም:-

- ኣብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ናጻ ኣገልግሎት ኢንተርነት (ምስ ካርድ ቤት-ንባብ) ምጥቃም።
- ናብተን ዋየርለስ ኣገልግሎት ኢንተርነት (WI-Fi hotspots ተባሂሎ'ውን ይጽዋዕ እዩ) ብናጻ ዝህባ ኣብያተ-ምግብን እንዳ-ቡንን ምኻድ።

ብዛዕባ ኣገልግሎታት ቴለፎንን ኢንተርነትን ተወሳኺ ትምህርቲ ንምቕሳም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ settlement.org

### ኣገልግሎት ጶስጣ ካናዳ

- ኣብ ኩለን ከተማታትን ሓውሲ-ከተማታትን፡ ቡስጣ ናብ ኣገልግሎት ቡስጣ ካናዳ ክትሰድድን ካብኡ ክትቅበልን ትኽእል ኢኻ።
- ነቲ እትኸፍሎ ቢል ድማ ኣብ ኢንተርነት በቲ e-postዝበሃል ናይ ኣገልግሎት ጶስጣ ካናዳ ኣቢልካ ከተመሓድሮን ክትከፍሎን ትኽእል።
- ብዛዕባ ካልኦት ፍርያታትን ኣገልግሎታትን ሓበሬታ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ canadapost.ca ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ቁ.ቴለፎን ደውል| 1-866-607-6301።

### መግቢ ምግዛእ

መግቢ ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታት ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ:-

- ካብ ድኳናትን ሱፐርማርኬታትን
- ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክፉት ዝኾኑ ዓበይቲ ድኳናት(ወይ"ድኳናት ጸግዒ/ corner stores")። መግቢ ኣብዞም ድኳናት እዚኣቶም ኣዝዩ ክቡር እዩ።
- ፍሩታን ኣሕምልቲን ዝሸየጠሎም ንኣሽቱ ዕዳጋታት።
- እንዳ መሸጣ ስጋን ሕብስቲን።

#### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

ኦንታርዮ፡ ናይ ገንዘብ ጸገም ዘለዎም ሰባት ኣብ ከባቢኦም ኣስቤዛ ብናጻ ዝወስድሉ ናይ መግቢ ባንክታት ኣለዋኣ።

በዚ ዝስዕብ ቁ.ቴለፎን ደውል| 416-656-4100 ወይ ድማ ንናይ ኦንታርዮ ማሕበር መግቢ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ feedontario.ca

### መቐነሽሽ ምሃብ

ምናልባሽ እንተድኣ ኣብ ቤት-መግቢ ወይ ኣብ ታክሲ ክትስቀል ከለኻ ጽቡእ ኣገልግሎት ዝረኸብካ ኰይኑ ተሰሚዑካ፡ መቐነሽሽ ክትገድፍ ምርጫ ኣለካ። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ እቲ ተግድፎ መቐነሽሽ 10-15% ናይቲ ክትከፍሎ ዝግባኣካ ሕሳብ እዩ። መቐነሽሽ ምግዳፍ ግድነታዊ ኣይኰነን።

### ምሕላው ዓሚል

ከም ዓሚል/ዓዳጊ መጠን፡ ብConsumer Protection Act(ሕጊ ምሕላው ዓሚል) ኢኻ ትሕሎ። ብዛዕባ እዚ ሕጊ'ዚ ዘጠቓልሎም ነገራት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በጃኻ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ ontario.ca

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

# ምሕላው ዓሚል

ኩላትና ኣብ ምሕላው ዓሚል ተራ ንጻወት ኢና። መንግስቲ ዓማዊል ንምሕላው ሕጋጋት ኣርቂቁ ኣሎ፣ ኩባንያታት ድማ ናይ ዓሚልን ሰራሕተኛን ሓበሬታ ንምሕላው ነዞም ሕጋጋት ክእዘዝኦም ኣለወን። እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ካናዳ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ነብሱ ባዕሉ ንምሕላው ስጉምቲታት ክወስድ ኣለዎ።

- Office of Consumer Affairs (ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ዓሚል)፡ ንሓለዋ ዓሚል ኣብ ዝምልከቱ ብዙሓት ኣርእስቲታት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቢሉ ሓበሬታ ይህብ consumerinformation.ca
- Canadian Anti-Fraud Centre(ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ)፡ ኣብ ልዕሊ ዓሚል ንዝፍጸሙ ናይ ምትላል ተግባራት ዝምልከት ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቢሉ ይእክብን ሼር ይገብርን antifraudcentre-centreantifraude.ca

### ስርቂ መንነት

ስርቂ መንነት ማለት፡ ሓደ ሰብ ገበን ንምፍጻም ካባኻ ፍቓድ ከይሓተተ ናህካ ዉልቃዊ ሓበሬታ ክጥቀም እንከሎ እዩ። ሰረቕቲ መንነት፡ ገንዘብካ ንምስራቕ መንነትካ ክጥቀሙ ወይ ኣስቤዛታት ንምዕዳግ ናይ ልቓሕ ካርድኻ/ክረዲት ካርድኻ ክጥቀሙ ይኽእሉ። ካብዚ ሓሊፎም እውን ብስምካ ካልእ ገበናት ንምፍጻም መንነትካ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።

ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታን ሰነዳትን ክትሕሉዎም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፦

- ቁጽሪ ማሕበራዊ ድሕነት/መድሕን
- ቁጽሪ ፍቓድ መምርሒ መኪና
- ቁጽሪ ካርድ ሕክምና
- ሓበሬታ ናይ ክረዲት ካርድን ሕሳብ ባንክን
- ናይ ባንክ ካርድ
- ዕለተ-ልደት
- ፓስፖርት
- ቪዛን ናይ ትምህርቲ ፍቓድን

ሰረቕቲ ንመንነትካ ክሰርቁ ዝኽእልሉ ብዙሕ መገዲታት እዩ ዘሎ። ካብቲ ናትካ ሳጹን ጶስጣ ደብዳቤ ክወስዱ፡ ወይ ፖርቶፍልዮኻ፡ ማሕፉዳኻ ወይ'ውን ቦርሳኻ ክሰርቁኻ ይኽእሉ። ሰረቕቲ ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ገዛኻ፡ ካብ መኪናኻ፡ ካብ ኣርማድዮኻ፡ ዋላ'ውን ካብቲ ዝጕሓፍካዮ ጉሓፍን ካብቲ ዳግማይ ዝምስራሕ ጉሓፍ ዝእከብ ቢዶኒታትካን ከይተረፈ ወረቓቕቲን ኣገደስቲ ሰነዳትን ደልዮም ክወስዱ ይኽእሉ።

### ሓለዋ ኦንላይን

ብኦንላይን እትገብሮ ምእታውን ምውጻእን ገንዘብ ናብ ባንኪ ከምኡ'ውን ዕድጊ፡ መንነታ ብሰረቕቲ ክስረቕ ንዘሎ ተኽእሎ መሊሱ'ዩ ዘዛይዶ። ናትካ ዉልቃዊ ሓበሬታ ካብ ኮምፕዩተር ክስረቕ ይኽእል እዩ። ከምዘን ኣብ ኣብያተ-ንባብን ኣብያተ-ፈተነን ዘለዋ ህዝባውያን ኮምፕዩተራት ኣብ እትጥቀመሉ እዋን ኣዚኻ ተጠንቀቕ። ኩሉ ግዜ ንኢመይልካን ዌብሳይታትካን ሎግ-ኣውት ግበሮ/ዕጸዎ። ንፓስዎርድኻ ኣብ ዌብሳይታት ኣይትዓቅቦ/ሰይቭ ኣይትበሎ፣ ነቲመድለዪ ታሪኽ (search history) ዝብል እውን ደምስሶ።

- ካብ ዘይትፈልጦም ሰባት ንዝለኣኽልካ ዉልቃዊ ሓበሬታኻ ክትህቦ ዝሕትት ኢመይላት ኣይትመልሰሎም።
- ካብ ዘይትፈልጦም ሰባት ንዝመጸካ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲታት ንምንጻግ ነቲ ሊንክታት ኣይትጠውቆ።
- ብልጫታት፡ ሽልማታት ወይ ቀልጢፍካ ገንዘብ እትኽዕብተሉ መገዲታት ክንህበካ ዝብሉ መልእኽቲታት ናይ ኢመይል ኣይትእመኖም
- ንፓስዎርድኻ ሼር ኣይትበሎ፣ ብግምት ክትፈልጦ ዘይትኽእል ድማ ግበሮ።
- ብዛዕባ ካብዞም ከም ኢባይ (eBay)፡ ክረይግስሊስትን (Craigslist) ኪጂጂን (Kijiji) ዝኣመሰሉ ዌብሳይታት ዝኾነ ክትዕድግ ክትሓስብ ከለኻ ጥንቅቕ በል። ቅድሚ ሕጂ ናብ ዘይትፈልጦም ኣጋይሽ ገንዘብ ኣይተሰጋግር።

### ክልከላ

መንነትካ ሓንሳብ ምስተሰርቀ፡ ነቲ ጸገም ከተዐርዮ/ክትፈትሖ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ሽምካ/ዝናኻ ንብዙሕ ዓመታት ክበላሾ ይኽእል፣ እዚ ማለት ድማ ኣካውንት ናይ ቴለፎን፡ ክረዲት ካርድ፡ ዋላ'ውን ብትሕጃ ዝወሃብ ልቓሕ (mortgage) ክትረክብ ክጸግመካ እዩ።

ብዛዕባ ሓለዋ Social Insurance Number (ቁጽሪ ማሕበራዊ ዉሕስነት) ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ኣገልግሎት ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ servicecanada.gc.ca

ንምሕላው ዉልቃዊ ሓበሬታኻ ኣብ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ዌብሳይት ናይ መንግስቲ ኦንታርዮ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ ontario.ca

### ናይ ልቓሕ ጸብጻባት

ናይ ልቓሕ ጸብጻብካ (credit report)፡ ካብ ኩሉ ፊናንሲያዊ ዉዕላትካ እዩ ሓበሬታ ዝእክብ። እዚ ማለት እንተላይ ካብ ናይ ልቓሕ ክፍሊታትካ፡ ናይ ልቓሕ ካርድታትካ፡ ናይ ቴለፎንን ኢንተርነትን ኣካውንትታትኻ፡ ከምኡ ድማ ካብ ካልእ ናይ ክፍሊት ቅብሊታት ሓበሬታ ይእክብ። ደንጕኻ ምኽፋል ወይ ዕዳኻ ምውንዛፍ ወይ ድማ ነቲ ዝመጸካ ናይ ዕዳ ቢል ዘይምኽፋል፡ ነቲ ኣብ ልቓሕ ዝተሓዘልካ ነጥቢ (credit score) ከምዝትሕት ክገብሮ እዩ። እዚ ከኣ ልቓሕ ይኹን ብትሕጃ ዝወሃብ ልቓሕ (mortgage) ኣብ እትሓትተሉ እዋን ብኣሉታ ክጸልወካ እዩ።

ብዛዕባ ጸብጻባት ልቓሕ ኣብ ኦንታርዮ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ ዌብሳይት ናይ Consumer Protection Ontario (ምሕላው ዓሚል ኦንታርዮ) ተወከስ ontario.ca

#### ትፈልጥ ነይርካ ዶ?

ዓማዊል ናይ ዕዳ ሰነዳቶም፡ ናይ ልቓሕ ካርድታቶም/ክረዲት ካርድታቶምን Personal IdentityNumbers (PINs (ዉልቃዊ መለለዪ ቁጽሪታቶም)) ክሕልዉዎ ሓላፍነት ኣለዎም። ካርድታትካ ምስ ዝጠፍእ ወይ ምስዝስረቕ ከተመልክት ኣለካ። ሸዑ ከምዝድስከል ክግበር ይኽእል። እንተድኣ PIN ናምበርካ ንዝኾነ ሰብ ሂብካዮ፡ ናይቲ ንሱ በቲ ፒን ናምበርካ ኣቢሉ ዝፍጽሞ ምትላል ተሓታቲ ንስኻ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

#### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

እንተድኣ መንነትካ ተሰሪቑ ከምዘሎ ትሓስብ ኣለኻ ኰይንካ፡ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ልቓሕ ጸብጻብ ዝገብሩ ወኪላት/ትካላት ብምርካብ ኣብቲ ናይ ልቓሕ ጸብጻብካ ከምዝተታሓለካ ሓብር፦ Equifax (ኢኩፋክስ)፦ 1-800-465-7166

ከምኡ ድማ Trans Union (ትራንስ ዩንዮን)፦ 1-877-525-3823።